# ኣሰላልፋ ሓይሊታት ከባቢናን ትግራይን!?

ብተኽሊት ገብረመስቀል

መጋቢት 4 2016 ዓም

## ዋና ዋና ሕቶታትን ነጥቢታትን፡-

*- ኹሉ ፀላኤ ትግራይ ናብ ዝብህን ከይዲ መፃወድያ ኩናት ኣቲና ዶ?*

*- ሓገዝ ጌጋ ደንበ ተቓውሞ ትግራይን ፕሮፓጋንዳ 03 ሻዕብያን ተሓዊስዎ ዝደሓነ ህወሓት?*

*- ደንበ ተቓውሞ ትግራይ ኣብ ስትራቴጂን ስልቲን ዘለዎ ጭርቁዕ ርድኢት ተወሳኺ ምኽንያት ኾይኑ፡ ናብ ኩናት ነምርሕ ኣለና?*

*- ምዕራብ ትግራይ! ኻሊእ መሳርሒ ኣጀንዳ ማሌሊት?*

*- መናእሰይ ትግራይ፡ ካብ ሕውየት ናብ?*

*- ጸላእትና ዝደልይዎ ጌጋ ኣይንግበር።*

# ኣሰላልፋ ሓይሊታት ከባቢናን ትግራይን!?

---

## ትሕዝቶ


**መእተዊ** ........ 3

**1. ተፃወትቲ ኣካላት** ........ 3

**1.1 ሓይሊታት ኦሮሞ** ........ 3

**ሀ. ብልፅግና ኦሮሞ** ........ 3

**ሀ.1 ንስልጣን** ........ 3

**ሀ.2 ንስለ መንነት** ........ 3

**ለ.ፌድራሊስት( ምስ ፍልልያቱ)** ........ 4

**ሐ.ሃገራዊ** ........ 4

**1.2 ኣምሓራ** ........ 4

ሀ. ብልፅግና ኣምሓራ ........ 4

**ለ.ፋኖ** ........ 4

**1.3 ኤርትራ** ........ 5

**ሀ. ሓይሊ ተቓውሞ** ........ 5

**ለ. ሻዕብያ(ህግደፍ)** ........ 5

**1.4 ሓይሊታት ትግራይ** ........ 6

**1.4.1 'ኢትዮጵያናዊ'** ........ 6

**1.4.2 ሃገራዊ ሓይሊ** ........ 6

**1.4.3 ህወሓት** ........ 6

**2. ተፃብኦን ዝምድናን ተፃወትቲ** ........ 8

**2.1 ስትራቴጅያዊ ወ ስልታዊ ተፃብኦ** ........ 8

**2.1.1 ተፃባእቲ ኦሮሞ ብልፅግና** ........ 8

**2.1.2 ተፃባእቲ ህወሓት** ........ 8

**2.2 ምሕዝነት** ........ 9

**2.4 መን? እንታይ ይርባሕ? እንታይ ከ ይስእን?** ........ 10

**2.4.1 ረብሓን ኪሳራን** ........ 10

**2.5 ትግራይ እንታይ ትግበር?** ........ 11

**መደምደምታ** ........ 11

# ኣሰላልፋ ሓይሊታት ከባቢናን ትግራይን!?

---

## መእተዊ

ብ 2013 ኣ.ግ ዝተወለዐን ንኽልተ ዓመት ዝፀነሐን ፅንተታዊ ኩናት ብ'ስምምዕ' ፕሪቶርያ ተዛዚሙ፡፡ 'ስምምዕ' ፕሪቶሪያ መልክዕ ቀይሩ እምበር ግጥም፣ ቃልሲ ይኹን ፅንተትን ጠጠው ኣይበለን፡፡ ንምንታይ? ኣብ መንጎ መነ መን? ብምንታይ መልክዕ? መወዳእትኡ ኸ? ክንሪኦ ኢና፡፡ ገለ ሓሰብቲን ዘወርቲን ህወሓት 'ካብቲ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ዝተኻየደ ቃልሲ እቲ ልዕሊ 60 ማዓልቲታት ዝወደእ 'ኣኼባ' ህወሓት ዝበልፅ ነይሩ' ኢሎም ብቓልዕ እንትዛረቡ ተራእዮም እዮም፡፡ ምዝዛም 'ኣኼባ' 60 መዓልቲ ስዒቡ ህወሓት መግለፂን ኣመራርሕኡን ሓናፊፁ ወፂኡ እዩ፡፡ ድሕሪኡ ኣብ ዙርያ ስምምዕ ፕሪቶርያ፣ ኢትዮጵያ፣ ትግራይ ዝምዕብሉ ዘለው ኣሰላልፋታት ድማ ረስኒ እናወሰኹ ይኸዱ ኣለው፡፡ ኣብዚ ፀወታ ብቀንዱ ሓይሊታት ኦሮሞ፣ ኣምሓራ፣ ትግራይ፣ ኤርትራ ኣለዉ፡፡ እዚኦም ባዕሎም ኣብ ደገን ውሽጢን ብዘለዉ ደገፍቲን ተቓወምትን ዝፅለው እዮም፡፡ እስከ ብዝርዝር ክንሪኦም ንፈትን፡፡

## 1. ተፃወትቲ ኣካላት

### 1.1 ሓይሊታት ኦሮሞ

ሓይሊ ኦሮሞ ዝበሃል ፖለቲካዊ ኣካል ፈለማ ናብ ማእኸላዊ ባይታ ፖለቲካ ዝተፀገዐ ብምንሊክ እዩ፡፡ ብህወሓት ድማ ቅርፂ ወፂእሉ፡፡ ኦሮሞ ብባህሪ ናይቲ ዓዲ ፖለቲካዊ ባይታ፡ ቅርፂ ዘለዎ ፖለቲካ ዝወነነ ዓዲ ኣይኮነን፡፡ ማያዊ(fluid) ባህሪ ፖለቲካ ዝወነነ ዓዲ እዩ፡፡ በቲ ሓደ ገፅ ኢህኣዴግ ዝወለዶ መንነታዊ ወለዶ በቲ ካሊእ ገፅ ዝተፈላለየ ሃይማኖት፣ ዓሌት፣ ምውላድን ምዝማድን፣ ማእኸልን ወሰንን ዘካተተ ምኳኑ፣ ዝተጓነየ ፖለቲካዊ ታሪኽ ምህላዉ ወሳሲኽኻ ብዙሓት ተፃወትቲ ኣካላት ክህልውዎ እዮም፡፡ ስለዚ እቲ ድሌት ንምንፃር ካሊእ ታሕቲ ንፅሕፎም ነገራት ክነምፅእ ኢና፡፡

#### ሀ. ብልፅግና ኦሮሞ

እዚ ሓይሊ ኣብ ውሽጢ ኢህኣዴግ ዝተወለደ ሓይሊ እዩ፡፡ ፈለማ እንትመፅእ ካብ ስልጣን ሓሊፉ እዙይ ዝብሃል ትልሚ ነይሩዎ ዘብል ምልክት ኣይርአየን፡፡ ነይሩ እንተትብሂሉ እውን ነቲ ኣምሓራዊ ትልሚ ዘፍፅም ዝመስል ነይሩ፡፡ ንህወሓት ከም ቀንዲ ሓይሊን ኣብ ትግራይ ሙሉእ መዋቕራዊ ዋንነት ከም ዘለዎን ተገንዚቡ ዝተበገሰ እዚ ሓይሊ ነቶም ካልኦት ሓይሊታት ትርጉም ዘይብሎም ምኺኖም ዝደምደመ ድማ ነይሩ፡፡ ኣንፃር ህወሓት ንምግጣም ዝረኸቦ ኹሉ 'እናደመረ' ክመፅእ ድማ ነይሩዎ፡፡ እዚ ሓይሊ ቀስ ኢሉ ኦሮማዊ ምልክት ከርኢ ድማ ጀመረ። ካብቶም ዋና ሰባት እዚ ሓይሊ ሓደ ዝኾኑ ፕሬዚዳንት ክልል ኦሮሚያ 'ንቶም ዝሰበሩና ሒቁኦም ሰቢርናዮም' ክብሉ ሰሚዒናዮም፡፡ ቢሮክራሲ ብኦሮሞ ምምላእ፣ ምስረታ ሸገር፣ ትንኮሳ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት ኦርቶዶክስን ዝኣመሰሉን ድማ ሰዓቡ፡፡ እዙይ ስለ ምንታይ? ተኾኑታት ነውፅእ፡፡

#### ሀ.1 ንስልጣን

እዚ ሓይሊ ንስለ ስልጣን እዩ ዝገበሮ(ኦሮማዊ ምልክት ከርኢ ዝጀመረ) ንምባል ሰለስተ ምኽንያታት ኣለዉ፡፡ **ቀዳማይ፦** ኣብ ውሽጢ ኢህኣዴግ ዝተወለደ እዚ ዉዳበ ስልጣን እንታይ ምዃኑ ይፈልጥ እዩ፡፡ **ካልኣይ፦** ሓደ ሓደጋ እዚ ሓይሊ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ብሄርተኛ ኦሮሞ እዩ፡፡ ስለዚ ነዙይ ኣውያቱ ምምንጣል ግድን እዩ፡፡ **ሳልሳይ፦** ውልቃዊ ባህጊን ባይታን ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ቀርቃራይ ባህሪ ክህልዎ እዩ፡፡ እቲ ሰብኣይ ብሓፂሩ ውልቃዊ ዛዕባ ፖለቲካዊ እዩ ኢሉ ምስ ብሄራዉ ድሕረ ባይትኡ ዘለዎ ዘይእሙን ረኽቢ ተዓዚብካ ናይ ስልጣን ሰብ ምኳኑ የርኢ፡፡ ምስ ባዕሉ፣ ሃይማኖቱ፣ ደቁን ሰበይቱን እውን እንትተሓሓዝ እሙን ብሄራዊ ኦሮሞ ክኸውን ከፅገም እዩ፡፡

#### ሀ.2 ንስለ መንነት

እዚ ሓይሊ ንስለ መንነት እዩ ከምኡ ዝኸውን ዘሎ ዘብሉ ምኽንያታት እውን ኣይሰኣኑን፡፡ **ቀዳማይ፦** ትግራይ ኣብ ሙሉእ ቁፅፅር ስታሊናዊ ተረኽን ምልክትን እናሃለወት ኦሮሞ ብመንነታዊ ህንፀት ትጫድር ነይራ፡፡ ቋንቋ፣ ባህሊ ምሕደራ፣ ምልክታታ፣ ስነልቦና ኦሮሞ ክድልድሉ serious ስራሕ ይሰርሑ ነይሮም፡፡ ስለዚ ወለዶታቱ መንነት ከም ስልቲ እንተይኮነ ከም ባዕሎም ክወስድ ዘኽእል ባይታ እንኣዎ፡፡ **ካልኣይ፦** ካብ ኦሮሞ ብሄርተኛ ወፃኢ ኣምሓራ፣ ህወሓት፣ ሻዕብያ፣ኢትዮጵያኒስት ተጋሩ ስትራቴጂያዊ ፀላእቲ ስልጣኑ እዮም፡፡ ግን ምስ ኣብ ዓዱ ብሄርተኛ ምዃን ዝተሓሓዝ እታ ናይ ውሽጢ ኦሮሞ ቁቡልነት እያ፡፡ ግን ንስለ ውሽጣዊ ፖለቲካ ክብሃል ክንድዚ ምኻድ ብኣንፃር እቶም ካልኦት ሓደጋ ኸ? መኒኡ ዝገደደ ሓደጋ የምፅእ ምርኣይ የግድስ እዩ፡፡ **ሳልሳይ፦** መበገሲኡ ኦሮሞ ማእኸል ኢትዮጵያ

ስለዝኾነት፡ ወናኒት እታ ሃገር ክትኸውን ትኽእል እያ ዝብል ግምት ክሕዝ ዘኽእል ሙሉእ ምኽንያት ኣለዎ፡፡ እዚ ትግራይ ኣይተዓደለትን፡፡ ንዕኡ እዩ እቲ ንህወሓት ካብ ብመንነት ተጋሩ ክህነፅ ዝኽእል ዓዲ ናብ ህንፀት ርእሰማላዊ መንነት ዘጓየዮ ምኽንያት፡፡ ስለዚ እዙይ እቲ ናይ ኦሮሞ ብልፅግና መንነታዊ ክኸውን ከም ቀንዲ ደራኺይ ምኽንያት ንውሰዶ፡፡ **ራብዓይ፦** ፀላእነት ኤርትራ ንኦሮሞ ከምቲ ንህወሓት ዘይደልዮ እዩ፡፡ እቲ ምንታይ እዚ ሓይሊ ሶፍት ፓወር ስለዘይብሉ እቲ ኸይዱ ሰላሕታዊ ክገብሮ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ናይዚ ሓደ ኣብቲ  ፀገም ሶፍትፓወር ግዜ ንምዕዳግ ክብል ፌድሬሽን ክቅፅሎ ዘኽእል ዕድል ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ንሻዕብያ ግዚኡ ኣቃፂሉ መዋቕራዊ ህላወ ተጋሩ ዘቕፅል እዩ፡፡ ቀንዲ ፀላኢት 'ሆብስዋምያን ኤርትራዊነት' ድማ ትግራይ እያ ዝብል ምኽንያት እዩ፡፡  ናብ መን የዛዙ? ንመንበብቲ ገዲፈ፡ ንሕና ኣብዚ ንዓና ብዝረብሕ መልክዑ እዚ ሓይሊ መንነታዊ ክኸውን ክንልውጦ ንክእለሉ ዕድል ኣለና፡፡ እንተኸፍአ፡ ንስልጣን እንተኾይኑ ድማ ንዓና ግዜ ንዕድገሉ ዕድል ክፍተት ጥምት ኣቢልና መሸሎኺ ኣይንስእንን፡፡ …

**ለ.ፌድራሊስት( ምስ ፍልልያቱ)**

ኣብዚ መደብ ዝምደቡ ኦሮሙማ ዝብል ብበዝሒ ህዝቢን ሪሶርስን ክትጥቀም ኣለዋ ኢሎም ብግለፂ ክመፅኡ ዝደልዩ እዮም፡፡ ውሳነታት ሶፍት ፓወር እውን በዚ መልክዕ ክውስኑን ከፍፅሙን ዝደልዩ ሓይሊታት ዝሓቖፈ ባይታ እዩ፡፡ ኣብዚኦም፥ ሕፅረት ክልሰሓሳብ ዋላ ዘለዎም ይኹን(ከም ናማን እንተወሲድናዮም) ንተጋሩ ግና ግዜ ዝዕድግን ኣንፃራዊ ሓርነት ዘበርክት  ሓሳብ ኣለዎም፡፡

**ሐ.ሃገራዊ**

ኣብዚ እቲ ፌድሬሽን ይኹን ዕብለላ ኣይሰርሕን ስለዚ ሐዚ ሓይሊ ረኺብና እናሃለና ሃገረ ኦሮሞ ንመስርት ዝብል ቁሩብን ዝተበታተነ ሓይሊ እዩ፡፡ እዚ መማረፂ እዚ ብልፅግና ይኹን እቲ ፌድራሊስት ከም ካልኣይ መማረፂ ዝሓዝዎ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ሐዚ ብሃንደበት ካብ ኣራትኪሎ እንተዝባረሩ ነዚ ካልኣይ መማረፂ ክገብርዎ ዘኽእል ባይታ ኣለዎም ማለተይ ግና ኣይኮነን፡፡ እዚ ሓይሊ ግና ብክልሰሓሳብ ብርኪ ንፁር መንነታዊ እዩ፡፡  ቀንዲ ተፃዋቲ ኦሮሞ መን ኣሎ? እቲ ዋና ሰብ ሹቶል ብልፅግና ኦሮሞ ኮይኑ እቶም ካልኦት እውን ቀሊል ዘይበሃል ግደ ኣለዎም፡፡ ብልፅግና ኦሮሞ(ሽመልስ) ሚዛን ኣሕልዩ ትርጉም ዘለዎ ተፃዋታይ ክኾውን ዓብዪ ተራ ኣለዎም፡፡

## 1.2 ኣምሓራ

ኣብ ኣምሓራ ግልፂ ነገር ስለዝኾነ ሕፅር ዝበለ ንግበሮ፡፡  ክልተ ዓበይቲ ተፃወትቲ፤ ነድቅቆም እንተይልና ድማ ኣርባዕተ ሓይሊታት እኒኣው፡፡

ሀ. ብልፅግና ኣምሓራ

ብልፅግና ኣምሓራ ሓደ ካርዲ ኣምሓራ ኮይኑ ንኢትዮጵያ ብሰላሕታ ኣምሓረይቲ ንምግባር ዝዓለመ ሓይሊ እዩ፡፡ ዘፍጠጠ እዩ ዋላ ኣይበሃል፡ ኣንፃር ፌድሬሽን ዝተሰለፈ እዩ፡፡ ብካሊእ ኣበሃህላ ኣብቲ ቢሮክራሲ ኮይኑን ተኣማንነት ረኺቡን ኣብ ውሽጢ ኮይኑ ዝቃለስ እዩ፡፡

**ለ.ፋኖ**

ፋኖ ካብ ፈለማ እንትምስረት ኣምሓራ መዋቕራዊ መጥቃዕቲ በፂሕዎ እዩ፡፡ ፍልፍሉ ድማ እቲ ሕገ መንግስቲ እዩ፡፡ ንሕገ መንግስቲ ሒዝዎ ዝመፀ ድማ ትግራይ እዩ፡፡ ነዚ ስትራቴጂያዊ ፀላኢ ዝብሃል ወታደር እዚ መዋቅራዊ ምዝናፍ ድማ ህወሓት እዩ ዝብል ግሉፅ  ቅዋም ነይርዎ፡፡ ኣብቲ ፈላማይ ዙር ኲናት መንግስቲ ፌድራል ድሓር ናብኦም ከምዝመፅእ እናፈለጡ ሓቢሮምዎ ኣንፃር ትግራይ ተሰሊፎም እዮም፡፡ ካብ ሐዚ ግን ምስ ጅኣግራፊ፣ ስልሒት ማሓዙትን ንግዜ ዘሎ ርድኢትን ተበጊሶም ዝተፈላለየ ስልቲ ክሕዙ ይኽእሉ፡፡

***ፋኖ ጎጃም***

እዚ ብቀንዱ ስልጣን ኣራት ኪሎ ሒዙ ፌድሬሽን ከፍርስ ይደሊ፡፡ ኣብ ስልቲን ምሕዝነትን ግን ክፍለ ይኽእል፡፡ ንኣብነት **ሓደ) ፈለማ ኣራትኪሎ፦** ምዕራብ ትግራይ ይፅናሕ ኢሉ ናብ ኣራት ኪሎ ክኸይድ ይደሊ ይኸውን፡፡ እቲ ስልሒት ድሓር ስልጣን ሒዝካ ምስ ሻዕብያ ብምኳን ንትግራይ ምውቃዕ ዝብል ሓሳብ ድማ ይሕንገጥ፡፡ **ኽልተ) ፈለማ ትግራይ፦** እዚ ዝመርፀሉ ዕድላት ኣለዉ፡፡ ኣብቲ ፈላማይ ውግእ መንግስቲ ፌድራል ከምዝመፆም እናፈለጡ ንስልቲ ምስላፎም ዝነግረና ብዙሕ ነገር ኣለዎ። ካሊእ፡ ናብ ቁሉዕ ኲናት ዘእተዎም ምኽንያት ብቀንዱ ምስ ስልጣንን ዋንነት ዓዲን ኮይኑ፡ እቲ ኣሰላልፋ ኦሮሞ ወ ትግራይ ከይመፅእ ወጢርካ ብምፅናሕ ህወሓት ምስማንም ከይወገነ ክፀንሕ እውን እዩ፡፡ ኣብዚ ሻለቃ ዳዊት ኣብ እዋን ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝበሎ ምዝካር የድሊ፡፡ እቲ ውዕሊ ንምፍፃሙ ስለዘፅግም እቲ ኲናት ተመሊሱ ክመፅእ እዩ ነቲ እዋን ንዳሎ ዓይነት ዘረባ ሂቡ ነይሩ፡፡  እታ ዝበላ ዕድል መፂኣ ኣላ (ናይ ሻዕብያ ድሌት እውን ከምዘሎ ኮይኑ)፡፡ ተወሳኺ ኣብ ግጥም ነቲ ዝሓየለ ቤዝ ዘለዎ ኢኻ ሓይሊታት ፀላእትኻ ኣኻኺብካ ቀዲምካ እተጥፍእ፡፡ ካብ

ህወሓትን ብልፅግናን ብወታደራዊ ሓይሊ ህወሓት ዝሓሸ ቤዝ ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለዎ፡፡ ከም ራብዓይ ምኽንያት ድማ ፍልፍል እቲ መዋቕራዊ መጥቃዕቲ ፍልፍሉ ካብ ትግራይ እዩ ኢሉ ካብ ምሕሳቡ ይምንጩ፡፡ ብሽም ኢትዮጵያ ኣብ ዝእወጅ ኣንፃር ህወሓት ዘቕንዕ ኹናት ንህወሓት ደጊፍካ ምርካብ ዓብዪ ክሳራ የስዕብ፡፡ እቶም ካልኦት ፋኖ ኣንፃር ትግራይ ዝግበር ኲናት ንህወሓት ደጊፎም ንመንግስቲ ፌድራል ክወግኡ ስለዘይኽእሉ ፋኖ ጎጃም እውን ካብዚ ተፈልዩ በይኑ ኣንፃር ፌድራል ዝዋገአሉ ዕድል ኣዝዩ ፀቢብ ይገብሮ ዝብል ድማ ተወሳኺ ምኽንያት ይኸውን፡፡ **ሰለስተ) ሓይልኻ ምዕቃብ፡-**እዚ ሓይሊ ዋላ እውን ፈለማ ናብ ትግራይ እንተዘይበለ እቲ ዝሓሸ መማረፂ ዝኾውን ሓይልኻ ዓቂብካ እቲ ኲናት እውን ናብ ኣምሓራ ከይተሳገረ ኣብዚ ትግራይ ክውዳእ ምግባር እዩ፡፡

***ፋኖ ጎንደር***

ፋኖ ጎንደር ምዕራብ ትግራይ ቀንዲ ውራዩ ስለዝኾነ ኣንፃር ፌድራል ዝስለፈሉ ዕድል ዳርጋ የለን፡፡

***ሓይሊ ደመቀ ዘውዱ***

እዚ ሳትላይት መንግስቲ ፌድራል ዝኾነ ኣንፃር ትግራይ ዝግበር ውግእ ዕልል እናበለ ንመንግስቲ ፌድራል ደጊፉ ዝመፅእ እዩ፡፡ ተመጣጣኒን ተደጋጋፍን ቀንዲ ተፃዋቲ ሓይልታት ዘለውዎ ኣምሓራ ሒዝና ንስገር፡፡

## 1.3 ኤርትራ

ብኣንፃር እዚ ርእሲ ኣብ ኤርትራ ኽልተ ሓይልታት ኣለው፡ ሓይሊ ህግደፍን ኣብ ደገ ዘሎ ተቓውሞን!

### ሀ. ሓይሊ ተቓውሞ

እዚ ሓይሊ ዝተበታተነ እዩ፡፡ ብዙሕ መልክዕ ኣለዎ፡፡ ገሊኦም ስልጣን ዝጉዳዮም ገሊኦም ድማ መልክዕ እቲ ዓዲ ዘጭንቆም፡፡ ኮይኑ ግና ዝስማዕምዕሉ ነጥቢ ኣለዎም፡፡ ንትግራይ ብውሑዱ ከም መቃሊስት ባይታ ዝደልዮ ሓይሊ እዩ፡፡ ሐዚ የለን ንሱ፡፡ ፕሪቶርያ ኣጉቲምዎ እዩ፡፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ እውን ኣብ ትግራይ ስልጣኑ ከይተኸለ ክሕግዝ ኣይኽእልን፡፡ እዚ ንምስኻዕ ኣብ መንጎ ህወሓትን ፌድራልን ክኸውን ዝብህጎ ብተኹኖ ንርአ፡፡

### ሀ.1 ስምምዕ

ስምምዕ ፌድራል ወ ህወሓት ብተኣምር ዝፍጠር እንተዝኾውን መንግስቲ ፌድራል ንህወሓት ቼክ ዝገብረሉ መንገዲ ህላወ ሻዕብያ እዩ፡፡ ስለዚ ሓይሊ ተቓውሞ፡ ባይታ ኣይረክብን፡፡ ሓቃዊ ረብሓ ዘይብሉ   ሓይሊ ናይ ምኺን ዕድሉ ይሰፍሕ።

### ሀ.2 ኲናት

ህወሓት ወ ፌድራል  ኣብ ኲናት ሰለስተ መልክዕ ክህልዎ እዩ፡፡ **ሓደ፥** ፌድራል(ብልፅግና ኦሮሞ) እንተሳዓረ ድሕሪኡ ዝውቃዕ ህግደፍ ስለዝኾነ ነዚ ቤዝ ዝደሊ ሓይሊ ተቓውሞ ሹሻይ እዩ፡፡ **ካልኣይ፥** ኣብ መንጎ ህወሓት ወ ብልፅግና ዘሎ ቀፃላይ ዝኾነ ኲናት እንትኸውን እውን ዋላ እኳ ሓዲኦም ምስዕዓር ዝሕሽ እንተኾነ ካብ ስምምዕ ህወሓት ወ ብልፅግና ግና ዝበለፀ እዩ፡፡ **ሳልሳይ፥** ህወሓት እንተሲዒሩ እቲ ቀንዲ ተረባሒ እዚ ሓይሊ ይኸውን፡፡ እቲ ፈላማይ ሕርያ እዚ እዩ ክኾውን፡፡ ኣብዚ ምሓዝ ዘድሊ እዚ ደንበ ኲናት ካብ ሰላም ዝመርፀሉ ዕድል ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ፡፡

### ለ. ሻዕብያ(ህግደፍ)

ሻዕብያ ካብ ቀደሙ ክልተ ባህጊታት ኣለዉዎ፡፡ ቀዳማይ፥ ኣብ ቅርፀ ስርዓተ መንግስቲ ዓብዪ ተፃብኦ ኣለዎ፡፡ ፌድሬሽን ዝብሃል ነጥቢ ዕላምኡ ኣብ ኮማ ዘእትው እዩ፡፡ ንምንታይ? ንብሄራት ኢትዮጵያ መመሰለን ሂቡ ንመንነት ተጋሩ ንኡስ መዋቕራዊ ህላወ ኣበርኪቱ ግዜ   ስለዝህቦ እዩ፡፡ እዚ ህላወ መንነት ተጋሩ ድማ ኣብ ፈጠራ ዓብዪ ተረኽ ኤርትራዊነት መፍረሲ ግደ ኣለዎ፡፡ እቲ ተረኽ ኣብ መጥቃዕቲ ታሪኽ ተደሪኹ ካሊእ ስነልቦና ዝፈጥር እዩ፡፡ ብኣንፃሩ ድማ እቲ ንኡስ መዋቅር ህላወ(ፌድሬሽን) ትግራይ ታሪኽ ኣሕቢራ ክትርጉም ዕድል ይፈጥር፡፡ ብኸይዲ ነዚ ዝትርኹ ሊሂቃን ይፈጥር እዩ ዝብል እዩ፡፡ ስለእዚ ድማ ክፈርስ ኣለዎ እዩ፡፡ ነታ ፌድሬሽን ሶፍት ፓወር ንኢስዎም ግዜ ዝዕድጉ፣ ስልቲ ዝጥቀምሉ ሓይሊታት ትግራይ ደገፍቱ እዮም፡፡ ሓይሊታት ኣምሓራ ድማ ኣብ ጎኑ ኣለዉ፡፡ ካልኣይ፥ እታ ቀዳማይ ክተዕውት ወይ ድሕሪኡ እውን ሓዊ ፃሕሊ ቀርኒኣፍሪቃ ምኳን እዩ፡፡ ቀንዲ ተፃዋቲ መን እዩ ? ኣብ ኤርትራ ሻዕብያ ምኳኑ ይታሓዝ፡፡

# ኣሰላልፋ ሓይሊታት ከባቢናን ትግራይን!?

---

### 1.4 ሓይሊታት ትግራይ

#### 1.4.1 'ኢትዮጵያናዊ'

እዚ ሓይሊ ኢትዮጵያናዊ ስለዝኾነ እታ ናይ ሴሜን መንነት ዝብሎ ተረኽ ኣምሓራዊነት ክምለስ ይደሊ፡፡ ኣብዚ ጥንቃቀ ዘድሊ፤ ትግራይ ናይዚ ተረኽ ማእከል እያ ካብ ዝብል ግጉይ ርድኢት ዝብገስ ምኳኑ ምርዳእ የድሊ፡፡ እዚ ሓይሊ ሕብረት ሰሜን ዝብል ሪኦቶሪክ ስትራቴጂያዊ ኅስጓሲ እዩ፡፡

#### 1.4.2 ሃገራዊ ሓይሊ

እዚ ሓይሊ መዋቅራዊ ፍታሕ ሕቶ ትግራይ ሃገር እዩ ኢሉ ዝኣምን እዩ፡፡ መበገሲኡ ብቀንዱ ኣብ ተረኽ ፍልይ ዝበለ ቅዋም ኣለኒ ዝብል እዩ፡፡ ትግራይ ድሕሪ ኣክሱም፣ ብፍላይ ድሕሪ ዮሃንስ መዋቅራዊ ወሰን ኮይና እያ፡፡ እታ ሐዚ ዘላ ሃገር ብመዋቅር ናይ ኣምሓራን ኦሮሞን እያ፡፡ ንዓና እትውሕጠና እያ ዝብል እዩ፡፡ ብፍላይ ድማ እቲ ምሳና ብዙሕ ዝሓብር ኣምሓራ ቀልጢፉ ክውሕጠና ዕድል ኣለዎ ኢሉ ክኣምን ዝግብኦ እዩ፡፡ እንተኾነ እዚ ሓይሊ ኣብ ስትራቴጂን ስልቲ ዘለዎ ርድኢት ኣዝዩ ጭርቁዕ ምኳኑ ብተደጋጋሚ ተራእዩ እዩ፡፡

#### 1.4.3 ህወሓት

ህወሓት ድሕሪ ፕሪቶርያ እውን ኣብ ኲናት እዩ ነይሩ፡፡ ንትግራዋይ እንተስ ብውዲ እንተስ ብግዲ ኣሰሊፉ ዝገጥሞ ዝነበረ ብረታዊ ኲናት ንዓቅሚ ትግራይ በሊዑ ብስምምዕ ፕሪቶርያ ዛዚሙ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ኣብ ሓደ ውዳበ ብፍላይ ኣብ እዋን ኲናት ልዝቡን ዘምረረን ሓይሊ ክፍጠር ግድን እዩ፡፡ እቲ ሓይሊ ሚዛን እውን ከከም ኣብቲ ኲናት ዝህልወካ ሚዛን ይውሰን፡፡ በዚ እውን ኣብቲ ሳልሳይ ዙር ፅንተታዊ ኲናት ህወሓት እናተሳዓረ ምስ ኸደ ስምምዕ ፕሪቶርያ ናይ ልዝቡነት ሚዛን ወሲዱ፡፡ እዚ ክፍፍል ሐዚ ወላ ሃሳስ መስመር ኮይኑ ይቕረ ክልተ ክፋላት ኣለዎ፡፡ ሓይሊ ሓወልቲን ደጀንን እዮም፡፡

**ሀ. ሓይሊ ደጀን**

መበገሲ ሓይሊ ኣብቲ ኲናት ዝነበረ ሕመቅ ኮይኑ፤ ብስምምዕ ፕሪቶርያ ድማ ተወሊዱ፡፡ እዚ ሓይሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ተቀቢሉ ኣሰላልፋ ኣስተኻኺሉ ክሰርሕ ዝደሊ ኣካል እዩ፡፡ ናይዚ ሓይሊ ኣሰላልፋ ምስ ብልፅግና ኦሮሞ ክኾውን ዝነበረ ይመስል፡፡ ኣብዙይ ፀገም እዚ ሓይሊ ኣብ ጎንባሕባሕ ዝድረኽ ምኳኑ ሙሉእ ተኣማንነት ንምርካብ ዝፅገም ሓይሊ እዩ ነይሩ፡፡ ብንኡሱ ግና፤ ትግራይ ናብ ሙሉእ ኲናት ዘይትኣትወሉ ዕድል ዘጣጥሕ ሓይሊ እዩ ምባል ይክኣል፡፡

**ለ.ሓይሊ ሓወልቲ**

እዚ ጉጅለ ህወሓት ቀንዲ ዕላምኡ ምልሰት ፌድሬሽን ኣቢልካ ሓደ ርእሰማላዊ መንነት ምህናፅ እዩ፡፡ እዛ ዕላማ ናይ ህላወን ሞትን ዕላማ እያ፡፡ እዚኣ ንምግባር ድማ ኣዲስኣበባ ምምላስ ዘይቀሪ ጉዕዞ ግድን ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ፡፡ እቲ ዘካትዕ ማዓዝ? ምስ መን? ከመይ ኣቢሉ? ዝብል ኾይኑ፡ ካሊእ ጉዳይ ይኸውን፡፡ እዛ ዕላማ ከዕውት፤ ድሕሪ ፕሪቶርያ እውን ተቃሊሱ እዩ፡፡ ኣይተ ሰብሓት ነጋ ኣብ ትግራይ ሚዲያ ሓውስ 'ካብቲ ፅንተታዊ ኹናት ክልተ ዓመት ድሕሪኡ ይኸብድ' ብምባል ንህወሓት ንዘይፈልጣ ሰብ ኣዕሪዩ ብ ዘደንግፅን ዘግርምን ተዛሪቦም እዮም፡፡ ንዓይ ነታ ሓቂ ቶጎ ኣቢሎማ ዝብል ትርጉም እዩ ዝህበኒ፡፡ ሸዑ ትንሳኤ 'ጉጅለኦም' ከበስሩ እግረመገዶም ድማ ከፈራርሑ እዮም መፂኦም ነይሮም፡፡

**ህወሓት ከመይ ተንሲኡ?**

#### ለ.1 ተግባራት ብልፅግና(ዓዲ4)

ብልፅግና ኦሮሞ ወ ኣሜሪካ ንህወሓት(ንትግራይ ኣይበልኩን) ክቕርቅሩ ብምሕሳብ ትግራይ ተጎስያ፡፡ ግዝኣት ትግራይ ክምልስ ኣይደለየን፡፡ በዙይ እቲ ሰላማዊ ቃልሲ ዘካይድ ዝነበረ ጉጅለ ደጀን ተቐርቂሩ፡፡ ብፍላይ እቲ ሊሂቅ ቅቡልነት ከሊእዎ፡፡ እዚ ኣጀንዳ ምዕራብ ወ ደቡብ ትግራይ ድማ ዓበይቲ ካርዲታት ሓይሊ ሓወልቲ ኮይኖም፡፡ ኣጀንዳታት ቀይሕ ባሕሪ፣ ጉዳያት ሶማሊ ላንድ ወዘተ ድማ ተፃባእቲ ብልፅግና ንቲ ተፃባኢ ጉጅለ ህወሓት ከሕውዩ ክጓየዩ ኣገዲድዎም፡፡

#### ለ.2 መዋቕር ትግራይ

መዋቕራት ትግራይ ድኹዒ ህወሓት እዩ፡፡ ተረኽ፣ ታሪኽ፣ ስነ ልቦና ተጋሩ ወግዑን ዓብዪ ኣበርክቶ ኣለዎ፡፡ ህወሓት ጫፍ ምልካዊ ኮይኑ፤ እቲ መዋቅር ብጣዕሚ ሰረት ዝሓዘ እንትኾውን ናፅነት ትርጉም ዘይብሉ ይኾውን፡፡ ስንኳይ ዶ ህዝቢ ካብዚ መዋቕር ክወፅእ፤ ሓይሊ ተቓውሞ ትግራይ ሽለል ዝብሃል እውን ነዚ እዩ፡፡ ኣኽሱም ሙስሊም ዘዕቆበት ነቲ ክርስትያናዊ መዋቕር ሓደጋ ዘይኮውንን ማይኖርቲ ስለዝነበረን እዩ፡፡ ተቋውሞ ትግራይ እውን ዳርጋ ከምኡ እዩ ሽለል እዩ ዝብሃል፡፡

# ኣሰላልፋ ሓይሊታት ከባቢናን ትግራይን!?

**ለ.3 ሰራዊት**
እዚ ሓይሊ ህላውኡ ኣብቶም ጀነራላት ይድረኽ፡፡ ስነልቦናዊ ውቅሪ ድማ ካብቲ መዋቅር ትግራይ ዝገደደ ኣብ መዋቅር ህወሓት ዝድረኽ እዩ፡፡ እዚ ሓይሊ ክህሉ ከም ቀንዲ ኣካሉ ገይሩ ዝቆፀሮ ሓይሊ የድልዮ፡፡ ህወሓት ድማ ነዚኣ ኣዝዩ ተመራፂ ይኾውን፡፡

**ለ.4 ጌጋ ስልቲ ሓይሊተቓውሞ**
እዚ ነቲ ዝተወደበን ዘይተወደበን ዝምልከት እዩ፡፡ ብሓፈሻ ኣብ ተቓውሞ ዘሎ ሓይሊ፡ ንጉጅለ ደጀን ዝድግፍ ኣዝዩ ንኡስ እዩ ነይሩ፡፡ እቲ ዝዓበየ ክፋሉ 'ኩሎም ሓደ' ኣብ ዝብል ዘይተመርመረ ሪኦትሪክ ዝተነፀፈ ነይሩ፡፡ እቲ ሓይሊ ተቓውሞ ክንሱ ብቱሪስት ዝጉብነ ማይኖርቲ ዓይነት ኮይኑ እናሃለወ ዓቕሙን ተኽእልኡን ኣጋኒኑ ዝሓስብ ሓይሊ እዩ፡፡ ንህወሓት ዝመስል ምልካዊ ደፊሩ ብውሽጢ ከማሕይሽ ዝመፀ ኣካል ክድግፍ እናተገብኦን ባዕሉ ክፅውዕን ክፅጋዕን እናተገብኦ ሱቕ ኢሉ ዘይድገም ዕድል ኣሕሊፉ እዩ፡፡ ከይዱ ከይዱ እውን እቲ 'ኩሎም ሓደ' ዝብል ዘረባ ዓብዩ ካርዲ እቲ መዋቅር ዝወነነ ሓይሊ ሓወልቲ ኮይኑ እዩ፡፡ ኣብዚ ካብ ውዳበታት ጀሚርካ ካብ ማለሊታዊ ስነልቦና ዘይተላቃቁ ናፃ ሊሂቃን ሓዊሱ ዓብዪ ግደ ነይሩዎም እዩ፡፡ ዘቕርቦም ምኽንያታት ብዘይገድስ፤ ሓይሊ ተቓውሞ ኣብ ጉዕዞ 'ለውጢ' ዴፋክቶ ካድረ ነቲ ዘሎ ኩነታት ዝኾነሉ እዋን ኣብ ትግራይ ሪኢና እና፡፡ እዚ ነቲ ሊሂቅ ነቲ ብኣሜሪካ ዝስጎም ቀስታዊ 'ቀብሪ' ከይቅበል ኣበርኪቱ ማለት እዩ፡፡ ተኣምር እዩ መቸስ!

**ለ.5. ኣጀንዳ 'ከባቢነት'**
ትግራይ ብነዊሕ ታሪኽ ፍርቁ ኣብ ገዝኣ ፍርቁ ኣብ ኬንዳ ኮይና ዓርሳ ዝሃነፀት እያ፡፡ ኣብ ትግራይ ዝበለ ዓዲ እዚ ሓደጋ ኣይኮነን፡፡ ኾይኑ ግን ከምኡ እንትርአ ሰብ ክድንግፅ ኣይግባእን፡፡ ምኽንያቱ እቲ ነገር ትግራይ ኣሰርከባቢነት ዝተሸከመት ምኺና ምግንዛብ የግድስ፡፡ ስትራቴጂ ኢትዮጵያኒዝም፣ ኣልቦነት ብሄር ዝሕልው ሃገረ፣ ታሪኽ ፊውዳሊዝም፣ ሕርሻዊ ኢኮኖሚ፣ ህላወ ማሃይምነትን ድስካለ ህወሓትን ድማ ወለድቲ ምኽንያታት እዮም ምባል ይከኣል፡፡ ስትራቴጂ ኣምሓራ፣ ታሪኽ ፊውዳሊዝም፣ ኢኮኖሚን ሕፅረት ትምህርቲን ንሓፋሽና ብቐሊሉ ናብዚ ኣጀንዳ ተቃላዓይ ይገብሮ፡፡ እቲ ሊሂቕ ነዚ ኣጀንዳ ከም ቅውምነገር ቆፂሩ ዝወስዶ ኣይኮነን፡፡ ዝውሰድ እውን ኣይኮነን፡፡ ካሊእ፥ ድስካለ ኮሚኒዝም ድማ ካብ ፆታዊ ረኽቢ ጀሚሩ ክሳብ ብሄር ዘለዉ ቅርፂታት ስልጣን ጌሩ ይሓስቦ፡፡ ኣብዚ እቶም ሊሂቃን ካብዚ(ከባቢነት) ወፃኢ ምኺኖም ምሓዝ የድሊ። ብዙሕ ኣብነት መርትዖ ምቅራብ ንክእል ኢና፡፡ ነቲ ብሕማቅ ጎኒ ታሪኽ ፊውዳል ዝተፀለወ፣ ሕርሻዊ ኢኮኖሚ፣ ሕፅረት ትምህርቲ(ምሕሳብ) ዝተጥቅዐ ኣካል ሓፋሽ 'ሊሂቕ' ግን መእከቢኡ ይገብሮ፡፡ ህወሓት መሊኡ ናብ ገዛኢ ሓይሊ ምስተቐየረ ኹሉ ቅርጺ ስልጣን ክገብሮ ዝኽእለሉ ዕመዋቅር ተፈጢሩ፡፡ እዚ ድማ ካሊእ ግብረ መልሲ ይወልድ፡፡ እቲ ግብረ መልሲ ባዕሉ ካሊእ ግብረ መልሲ ይወልድ፡፡ እዚ ፖለቲካ ንምስራሕ ኣብ ሓሳብ፣ ስትራቴጂን ስልቲን እንተይኮነ ኣብ ግብረ መልሲታት ዝተደረኸ ክኾውን ይገብር፡፡ ናይዚ ምልክታት እንዳ ፖለቲካ ትግራይ እናተዓዘብናዮ ዝነበርና እዩ፡፡

**ለ.6 ሚሒር ጥንቃቀ ጉጅለ ደጀን**
ብልሒ መሪሕነት ጉጅለ ደጀን ኣብ ህወሓት ክርአ እዩ ዘይትብሎ ጥንቁቕን ሓላፍነት ዝስምዖ ሓይሊን ኮይኑ እዩ ተራእዩኒ፡፡ በቲ ዘለዎ ዲፕሎማሲያዊ ቅቡልነት፣ በጀት፣ ፈለማ ዝነበሮ ቁቡልነት ልሂቅን ዝተበታተነ ህዝቢን እንተትብለፅ ትግራይ ሐዚ ኣብ ሕድሕድ ኲናት እትኣትወሉ ዕድል ኣዝዩ ሰፊሕ ናይ ምኺን ዕድል ነይርዎ፡፡ እዚ ጥንቃቐ እዚ ንታሪኽ ዝምዝገብ ይመስለኒ፡፡ እንተኾነ ግና ኪሳርኡን ከስቡን ኣብ መወዳእታ ዝምዘን እምበር ናብ ዝገደደ ሓደጋ እውን መሪሕና ክኾውን ይኽእል እዩ፡፡ ፍርሐይ ኩሉ ክገልፅ ግቡእ ስለዘይኾውን፡ ውፅኢቱ ቀስ ኢልና እንሪኦ ዝኸውን፡፡

**ለ.7 ፕሮፖጋንዳዊ ሓገዝ ሻዕብያ**
ሻዕብያ ኣብ ትግራይ ተቀላቢ ኣምሓራ ዝኾነ ሓይሊ እምበር ማሓዛ ብልፅግና ኦሮሞ ክኾውን ዝኽእል ሓደጋ ፀዋዒ ገይሩ ይቆፅሮ፡፡ ትግራይ መሬት ኲናት ክትኮውን እንተላ ኣንፃሩ ንዝግበር እንተይኮነ ዓርሳ ክትጠፍእ ኣብ ዝግበር እዩ፡፡ ሓይሊ ደጀን ማሓዛ ብልፅግና ተገይሩ ተቆፂሩ እዩ፡፡ ናብዚ ድማ ኣጀንዳ ቀይሕ ባሕሪ ተመዚዝሉ፡፡ ሻዕብያ ሰለልቱ ኣብ ትግራይ ዘሪኡ ከምዝኾውን ንምግማቱ ኣይፀግምን፡፡ በዚ ኣቢሉ 03 ሻዕብያን "ልምዓት" ጉጅለ ህወሓትን ኮይኖም ኣብ ልዕሊ ሓይሊ ደጀን ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ኣካይዶምሉ፡፡ እዚ ድማ ንህወሓት ኣተንሲእዎ፡፡ እንትድምደም! እቲ ፌድሬሽን መሊሱ ኩሎም መንነታት(ተጋሩ ሓዊሱ) ኣምኪኹ ርእሰማላዊ መንነት ክፈጥር እየ ዝብል ህወሓት ተንሲኡ ኣሎ፡ ጉጅለ ሓወልቲ ማለት እዩ፡፡

## 2. ተፃብኦን ዝምድናን ተፃወትቲ

### 2.1 ስትራቴጅያዊ ወ ስልታዊ ተፃብኦ

#### 2.1.1 ተፃባእቲ ኦሮሞ ብልፅግና

**ሀ. ኣምሓራ**
ኣምሐራ ድሌቱን ባህጉን እዛ ዓዲ ስልጣን ሐዞ ንዕኡ እትመስል ዓዲ ምህናፅ እዩ:: ብልፅግና ኦሮሞ እውን ብዝሓየለ ሚዛን መንነታዊ ምኽኒ ኣብ ላዕሊ ደምዲምና ኢና:: ስለዚ ኣምሓራ ቀንዲ ስትራቴጂያዊ ፀላኢ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ: : እዚ ሓይሊ ኣምሓራ ብፋኖ እናተመርሐ ኣብ ጥቅኡ ኮይኑ ኩናት ከፊቱ ንኣራት ኪሎ ይብል ኣሎ:: እዙይ ሱቅ ኢሉ ዶ ይሪኦ?

**ለ. ኤርትራ**
ዓርሓ ፖለቲካ ኤርትራ ሻዕብያ ኮይኑ፤ ፀላኢኡ እቲ ተረኽ ብሄር ዝዓብለሎ ፌድሬሽን ከፈርስ ይደሊ:: ብተወሳኺ ድሕሪኡ ዝስዕብ ዓርሓ ቀርኒ ኣፍርካ ይቕፅል:: ነዚኣ ቀንዲ ተፃባኢ ገይሩ ዝቆፀሮ ንብልፅግና ኦሮሞ እዩ:: ምኽንያቱ ብልፅግና ኦሮሞ እንተስ መንነታዊ ኮይኑ እንተስ ንስልጣን ክብል ተኸታሊ ኦሮሙማ እዩ ኢሉ ስለዝወሰደ እዩ:: እዙይ እንታይ ይራኽቦ? እዚ ሶፍት ፓወር የብሉን:: ስለዚ ግዜ ክዕድግ ክብል ንሰሜን ክፈላሊ ፌድሬሽን ክቕፅል እዩ:: እቲ ፌድሬሽን ዘፍርሶ እንተኾይኑ እውን ኦሮሞ ንትግራይ ክውሕጥ ዓሰርተታት ዓመታት ስለዝወስደሉ እቲ ቀንዲ ፀላኢ ፕሮጀክት ኤርትራዊነት ዝኾነ መንነት ተጋሩ መዋቅራዊ ወይ ናይ ግዜ ኣድቫንቴጅ ክረክብ ይኽእል እዩ::

**ሐ. ህወሓት**
ህወሓት ኣንፃር መንነት ተሰሊፉ ተጋሩ፣ ኣምሓራ፣ ኦሮሞ ኣምኪኹ ርእሰማላዊ መንነት ክሃንፅ ዝደሊ ሓይሊ እዩ:: ብዙሕ ግዜ ዝበልኩዎን ከመይ ንዝብል ምስ መበቆል ክልሰ ሓሳቡ ኣብ መፅሓፈይ(ሕቶ ትግራይ: ብመንፅር ክልስሓሳባዊ መቓን) ተቀሚጡ ኣሎ:: እዚ ሓይሊ ድማ ዓዲ ሙሉእ ወታደር ዝገበሮ መዋቅሩ ፅኑዕ ሓይሊ ዘለዎ እዩ:: ስለዚ፤ ህወሓት እቲ ዝሓየለን ዝጠንከረን ተፃባኢ ፀላኢ ኦሮሞ ብልፅግና እዩ:: ብስልጣን ይኹን ብመንነት::

***መ.መንነታዊ ኦሮሞ***
እዚ ሓይሊ ኦሮሙማ ዝብል ኮይኑ ኣብቲ መካኒካል ረቋሒ(በዝሒን ግፍሒን ማእኸልን) ዘተኮረ ፖለቲካ የሰጉም:: በዚ ድማ ፌድሬሽን ብግልፂ ክምልስ ዝፅዕር ይኾውን::

**ሰ. ኢትዮጵያኒስት**
ተጋሩ  እዚ ሓይሊ ብመንነት ቀንዲ ኣሰጎምቲ ሕብረት ሰሜን ስለዝኾኑ እዚኦም እውን ብስልቲ ወ ስትራቴጂ ፀላእቲ እዮም::

#### 2.1.2 ተፃባእቲ ህወሓት

***ሀ.ብልፅግና ኦሮሞ***
እዚ ሓይሊ እቲ ቀንዲ ወንበር 4ኪሎ ሒዙ ዘሎ ምስ ምኳኑ ቀንዲ ፀላኢ ክብሃል ይኽእል:: ፕሮፓጋንዳ ህወሓት እውን ናብዚ ድምዳመይ ዝዛየደ ይመስል::

**ለ. ኣምሓራ**
እዚ ሓይሊ ንህወሓት ይኹን ቃልሲ ትግራይ ብስልጣን ይኹን መንነታዊ ምኽንያት ፍልፍል ኹሉ ፀገምን ሕሰምን እታ ዓዲ ገይሩ ይቆፅር:: እዚ እንተተማሕዩ: ኦሮሞ ዝብሃል ክንዲ ስገም ዝሮኾሰ በይኑ ተሪፉ ይዋሓጥ ኢሉ ይኣምን ኣብዚ ስትራቴጂያዊ ተፃብኦ::

# ኣሰላልፋ ሓይሊታት ከባቢናን ትግራይን!?

**ሐ. ሻዕብያ**
ፈጣሪ ፌድሬሽንን ሓድግታቱን ህወሓት ስለዝኾነ፣ እዚ ድማ መዋቅር ትግራይ ዝተቆፃፀረ ስለዝኾነ እዚ እንትጠፍእ መንነት ተጋሩ ክብተን ወይ ክዳኸም እዩ ኢሉ ዝኣምን እዩ:: እምበር ብኣንፃር ክልስ ሓሳብ፤ ህወሓት ስልታዊ ፀላኢ እምበር ስትራቴጂያዊ ኣይኮነን:: ህወሓት ንመንነት ተጋሩ ብርእሰማል ክሕቅቅ ዝቃለስ እዩ:: ግና ሻዕብያ ነዚ እምነት ጌጋ እዩ ዝብል:: ምኽንያቱ መንነት ኣልቦ ሃገር የለን እዩ ዝብል እምነት ኣለዎ:: እቲ ቀንዲ ግን ግዜ እዩ ክኾውን :: እቲ ምንታይ ሲ ሻዕብያ እውን መንነት ሊሂቃን ዝፈጥርዎ እዩ ኢሉ ሃቂኑ ኣብ ምምሓዝ ትውፊታት ዝተደረኸ ፍልስፍና ህንፀት ብሄረ ሃገር እዩ ዝድረኽ(ነዚ ሙሉእ መበቆላዊ ክልሰሓሳቡ ኣብ መፅሓፍ ሕቶ ትግራይ ይርከብ እዩ)

**መ. ኢትዮጵያኒስት**
'ተጋሩ' እዚ ሓይሊ ነቲ መንነት ትግራይ፥ ከም መሰራቲ እቲ መንነት ኢትዮጵያዊነት እዩ ዝገብሮ:: ህወሓት ድማ ነዚ ናብ መንነት ርእሰማል ክቅይሮ እዩ ዝደሊ:: ስለዚ ስትራቴጂካዊ ፀላእቲ እዮም::

**ሰ. ሃገራዊ ሓይሊ**
እዚ ሓይሊ መንነት ተጋሩ ዝሽከም ሃገር ክምስረት ይደሊ:: ህወሓት ድማ እቲ መንነት ተጋሩ ከም ቁውም ነገር ኣይቀፅሮን:: ከም ድሕረት እዩ ዝወስዶ:: ስለዚ ስትራቴጂካዊ ጎነፅ ኣለዎ::

**ረ. ኣሜሪካ**
ኣሜሪካ ሓይሊ ህወሓት ክጠፍእ ወይ ክእለ ወይ ሪፎርም ክገብር ፂዒራ ኣይኮነላን:: ሐዚ እውን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እቲ ቀንዲ ፀላኢኣ ኮይኑ ይቕፅል ኣሎ።

አዘኻኺረ ልምሕላፍ ስትራቴጂያዊ ፀላእቲ ሻዕብያ፣ ስትራቴጂያዊ ፀላእቲ ኣምሓራ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ብግልባጡ ይሰርሕ::

## 2.2 ምሕዝነት

ምሕዝነት ስትራቴጂያዊ፣ ስትራቴጂ- ስልታዊ፣ ስልታዊ ኢልና ክንኸፍሎም ንኽእል::

### 2.2.1 ስትራቴጂያዊ
ኣብ መንጎ ኢትዮጵያኒስት ተጋሩ ምስ ኣምሓራ፣ ፌድሬሽናውያን ኦሮሞ ምስ ተጋሩ ኣሎ::

### 2.2.2 ስትራቴጂያዊ-ስልታዊ
እዚ እቲ ስልታዊ ምሕዝነትካ ብጣዕሚ ወሳናይን ኣድላዪን እንትኸውንን ዝመፅእ እዩ:: ንሸሙ እምበር ዳርጋ ስትራቴጂያዊ እዩ:: ኣብዚ ዝምደብ፤ ኣብ መንጎ እቲ ሃገራዊ ሓይሊ ትግራይን ኦሮሞዊት ኢትዮጵያን ዘሎ ረኽቢ እዩ:: ኢትዮጵያ ብልፅግና ኦሮሞ መንነታዊ እዩ ኢልና ፈለማ:: ነዚኣ ስትራቴጂያዊ ፀላኢ ፕሮጄክት ኦሮሞ፡ ሓይሊ ኣምሓራ እዩ:: ኣብ ኦሮሞ ድማ ሰፍት ፓወር የለን:: ስለዚ ፌድሬሽን ንኣምሓራ ንግዚኡ መፅገቲ እዩ:: ንክንደይ ግዜ? ምናልባሽ ንዓሰርተታት ዓመታት::

### 2.2.3 ስልታዊ ምሕዝነት
ኣብ ስልቲ ክምዘኑ ዘለዎም ከከም ኩነቱ ይፈላለ እዩ:: ኣብዚ ዘለናዮ ግና ሰለስተ ነገራት ኣብ ግምት ምእታው የድሊ:: **ሓደ፦** ንምሕዝነት ፃውዒት ምቕራብን ሱቅ ምባልን እዩ:: **ካልኣይ፦** ካብቶም ሓይሊታት ስትራቴጂያዊ ፀላኢ ኮይኖም ግን እቲ ዝሓየለ መን እዩ? እቲ ፍልፍል ፀገም መን እዩ? ዝብል ይኾውን:: **ሳልሳይ፦** ካብቶም ክልተ ስትራቴጂያዊ ፀላእቲ ቀዲምካ ዝውቃዕ ንምፍላይ ዘለዉዎ በዝሒ ማሓዙት ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ:: ካብዚ ተላዒልና ናብ ልክዒት ንእቶ::

**ሀ. ብልፅግና Vs ህወሓት**
ሓይሊታት ኣምሓራን ሻዕብያን ስትራቴጂያዊ ፀላእቲ ህወሓትን ብልፅግና ኦሮሞን እዮም:: ስለዚ እቲ ግጥም መን ንመን ቀደመ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ:: ኣብዚ ሰለስተ ነገራት ኣብ ግምት ምእታው የድሊ:: **ሓደ፥** ንምሕዝነት ፃውዒት ምቕራብን ሱቕ ምባልን እዩ:: ኣብዚ ብልፅግና ኦሮሞ ጉጅለ ሓወልቲ ህወሓት ሲዒሩ ምስ ወፅአ ዘቕረቦም ፃውዒት ብጣዕሚ ዝፈጠነ ነይሩ:: ኣብ ኣምሓራ ወፊሩ ፀገምኩም ካብ ሰሜን እዩ ኢልዎም:: መግለፂታት ኣውፂኡ:: ህወሓት

እውን ኣብ ፃውዒት ምሕዝነት ኣይሰነፈን፡፡ ጀነራል መዲድ ኣብ ዓድዋ 'ምስ ኤርትራ ጀሚርኩም ተባሂልና' ገለ ዝብሉ ነገራት ምርኣይ ንኽእል፡፡ **ካልኣይ፥** ካብ ብልፅግና ኦሮሞን ህወሓትን እቲ ዝሓየለ መን እዩ? እቲ ፍልፍል ፀገም መን እዩ? ዝብል ይኸውን፡፡ ህወሓት ወ ትግራይ እቲ ቀንዲ ፍልፍል ፌድሬሽን ተገይሩ ይቁፀር፡፡ ህወሓት ወታደራዊ ሓይሉ ሰፊሕ እዩ፡፡ ብዘለዎ ብሕተት ዓዲ፤ ኹሉ ሰብ ኣባል ክገብር ዝኽእል እዩ፡፡ እዚ ኣብቲ ዝሓለፈ ኩናት ተራእዩ እዩ፡፡ ስለዚ እቲ ዝሓየለ ህወሓት እዩ፡፡ በቲ **ሳልሳይ** መለክዒ ድማ፥ መን ዝበዝሕ ስትራቴጂያዊ ፀላእቲን ፈተውቲን ኣለዉዎ ዝብል እዩ፡፡ ህወሓት ስትራቴጂያዊ ዝብሃል ፈታዊ የብሉን፡፡ ብፀላእቲ ድማ ኩሎም ፀላእቱ እዮም፡ ንኣሜሪካ ሓዊሱ፡፡ ብልፅግና ኦሮሞ እንትምዘን ግና እቲ መንነታዊ ትግራዋይ፣ እቲ ኣብ ዓዱ ዘሎ ሃገራዊ ሓይሊ ኣለዉ፡፡ እቲ ቀንዲ ሃፍቱ ግና ኣሜሪካ እትፀልኦ ኣይኮነትን፡፡ ስለዚ በቶም ሰለስተ መመዘኒታት፥ ኣብቲ ቀዳማይ ነጥቢ መፀዋዕታ ኣቅሪቡ እዩ፡፡ ኣብቲ መፀዋዕታ ምሕዝነት ኩሎም ፀዊዖም እዮም፡፡ ብልፅግና ብዝሓሸ ዝስመዐሉ ዕድል ኣሎ፡፡ ምኽንያቱ ብልፅግና ኣምሓራ ምስኡ ኣሎ፡፡ ሻዕብያ ድማ እዚኣ ክነፃፅላ ኣይደልን፡፡ ንኣምሓራ ከም ሓደ ሓይሊ ክቆፅር እዩ ዝደሊ፡፡ ኣብ ካልኣይ እቲ ዝሓየለ ህወሓት እዩ፡፡ እዚኣ ምስታ ዝበዝሕ ፀላኢን ንኡስ ፈታዊን ዘለዎ ብዝቖለለ ሓይሊ ንምጥፋእ ሙችው እዩ፡፡ ኣብዚኣ እውን ህወሓት እዩ፡፡ ስለዚ ኣብዚ ኩናት ብልፅግናን ህወሓትን እቲ ቀንዲ ቀዲሙ ዝውቃዕ ህወሓት እዩ ክኸውን፡፡ እቶም ካልኦት ሻዕብያ ይጎድል እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ብልፅግናን ፋኖን ሻዕብያ ምስ ብልፅግና ስልታዊ ምሕዝነት የብሉን፡፡ ህወሓት ምስ ብልፆግና እንተኾይኑ ሻዕብያ ምስ ኣምሓራ ይኾን፡፡ ኣብ መንጎ ብልፅግናን ሻዕብያን ንዝካየድ ድማ ኣምሓራ ኣይህልውን፡፡

## 2.4 መን? እንታይ ይርባሕ? እንታይ ከ ይስእን?

### 2.4.1 ረብሓን ኪሳራን

#### ሀ.ብልፅግና ኦሮሞ

**ረብሓ፡- ሓደ፥** እቶም ኩሎም ስትራቴጂያዊ ፀላእቱ ኣኪቡ ስልታውያን ማሓዙት ገቢሩ ፋኖን ኣምሓራን ኢሉ እውን ሻዕብያ ኣንፃር እቲ ሓደ ቀንዲ ውሻጣዊ ርኡይ ፀላኢ ዝኾነ ህወሓት የጥፈኦሉ፡፡ **ካልኣይ፥** ናብ ኣራት ኪሎ ዝወጣወጣ ዝነበራ ኣእዳው ፋኖ ካብ ማእኸል ኣርሒቑ ናብ ወሰን ይደፍኦ ወይ ድማ እቲ ኩናት ኣብ ኣምሓራ ጌሩ ንትግራይ ገፅ ይገብሮ፡፡ ክልቲኦም ሓይሊታት ዝዳኸምሉን ቀፃላይ ምሕዝነት ከይትከል ከቢድ ግፊዒ ዝፍፀመሉ እዩ ክኾውን፡፡ ሳልሳይ፥ ሻዕብያ ኣብ ትግራይ ኣትዩ ግፍዒ ዝፍፅመሉ ዕድል ብምኽፋት ተጋሩ ምብትታኽን ናይ ስልጣን ባህጊ ገፆም ናብ ደቡብ ከይገብሩ ይሕግዞ፡፡

**ኪሳራ**፡- ኣምሓራ ወ ሻዕብያ ድሕሪ ምጥፋእ ትግራይ ናብ ኦሮሞ እዮም፡፡ ኦሮሞ ብዘይ ተጋሩ ቀፃላይ ዝኾነ ስልታዊ ድጋፍ ኣራት ኪሎ ኮፍ ክብል ኣዝዩ መፀገሚ እዩ፡፡ ብምኳኑ ንህወሓት ኣብ ምእላይ ዝግበር ኩናት ሊሂቅ ትግራይ ክብተን ክመውት ዝዕድም እዩ፡፡ ትግራይ ክትጠፍእ ይዕድም፡፡ በዚ ምኽንያት ክዓ፡ ትግራይ ድሓር ተሰለፈት ኣይተሰለፈት ትርጉም ዘይብላ ትኾውን፡፡ ናብ ሙሉእ ነውዒ ክትኣትው እውን ኣዝያ ሓደ ሰልፊ ክትውንን መፀገሚት ትኾውን፡፡ ኦሮሞ እውን ኣካል እቲ ግፍዒ ስለዝኾውን ኣብ ዝህሉ ቀፃሊ ምሕዝነት ኡሉታዊ ፅልዋ ይህልዎ፡፡

#### ለ. ኣምሓራ

**ረብሓ፡- ሓደ፡** ኣምሓራ ህወሓት ኢሉ እውን ትግራይ ምጥፋእ ሓድጊ ብሄርተኝነት ጥፋኣት ምኳኑ የግንዝበሉ፡፡ **ካልኣይ፥** እቲ ቀንዲ ፍልፍል ወነ ብሄራዊነት የጥፍኦሉ፡፡ **ሳልሳይ፥** ትግራይ እቲ ቀፃላይ ስልታዊ ማሓዛ ኦሮሞ ክኾውን ዝነበሮ ዕድል ካብ ፀወታ ወፃኢ ክኾውን ይገብር፡፡ **ራብዓይ፥** ኦሮሞ ብስልታዊ ምሕዝነት ትግራይ ሶፍት ፓወር ሃኒፃ ምስ ኣምሓራ ዝተፈላለየ ዓብዪ ተረኽ ወኒኖም ዩጎዝላቪያ ክፍጠረሉ ዝክእሉ ዕድል ኣምኪኖም ኣምሓራዊት ኢትዮጵያ ትምለስ፡ ትቕፅል፡፡ **ሓምሻይ፥** ናይ ኦሮሞ ዓብዪ ስልታዊ ማሓዛ ክኾውን ዝነበሮ ምስ ተወገደ ኦሮሞ ባዕሉ ካብ ስልጣን ዝውገደሉ ደራኻይ መድረኽ ይኸውን፡፡ ምኽንያቱ ሻዕብያ ኣብ ጎኒ ኣምሓራ ኣሎ፡፡

**ኪሳራ፡- ሓደ፥** ኩናት ትግራይ እንተተናዊሑ ወይ ናብ ኣምሓራ ዝሰግረሉ ዕድል እንተተፈጢሩ(ፀቢብ ዋላ ይኹን) ኩሉ ነገሮም ኣብዚ ክጥጥቁ ክገብሮም እዩ፡፡ **ካልኣይ፥** ብንኡስ ዋላ ሓይሎም እንተዘይጠፍአ ትኹረቶም ግና ካብ ኣራትኪሎ ናብዚ ከብል እዩ፡፡

#### ሐ. ኤርትራ(ሻዕብያ)

**ረብሓ፡- ሓደ፥** ሻዕብያ ቀንዲ ፍልፍል ሓድጊ ብሄርን ፌድሬሽንን ዝኾነት ትግራይ የጥፍአሉ፡፡ **ካልኣይ፥** መንነት ተጋሩ ብቀጥታ ኣቲኻ ንምጥቃዕ ዕድል ይኸፍተሉ፡፡ በዚ ኣቢልካ ሓደጋ ኤርትራዊነት ተጥፍእ፡፡ **ሳልሳይ፥** ተጋሩ ዓርሲ ብዓርሶም ደም ብምቅብባእ እናሻዕ ስነኣእምራዊ ደጎል ትድጉል፡፡ **ራብዓይ፤** ኣብ ትግራይ ኢኮኖሚያዊን ወታደራዊ ረብሓታት ይረክብ፡፡ **ሓምሻይ፥** ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተደላይነቱ ይውስኽ፡፡ **ሻድሻይ፥** መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተዳኸመ ስለዝኾን ዝሓሸ ተሰማዕነት ይህልዎ፡፡ **ሻብዓይ፥** ኣምሓራ ሒዝካ ኣራትኪሎ ንምስቃል ዕድል ይፈጥር፡፡

# ኣሰላልፋ ሓይሊታት ከባቢናን ትግራይን!?

**ኪሳራ፦** ብዓይኒ ደንበ ተቋውሞ እንትርአ እዚኦም ክሳራ የስዕቡሉ፡፡

***መ. ትግራይ***
**ኪሳራ፦ ሓደ፥** ህወሓት ኩሉ ነገር ዝተቆፃፀረ ስለዝኾነ ንሱ እንትእለ ኹሉ ነገር ክአለ ይኽእል እዩ፡፡ ትግራይ ፉፁም ትርጉም ዘይብላ ክትኾውን ትኽእል እያ፡፡ **ካልኣይ፥** ኩናት በላዒ ሰብን ኣእምሮን ስለዝኾነ ከቢድ ጥፍኣት ክስዕብ እዩ፡፡ ዳግማይ ጀኖሳይድ ክፍፀም ዝኽእለሉ ዕድል ሰፊሕ እዩ፡፡ ምስኡ ዝመፅእ ኣእምሯዊን ሰባዊን ፅንተት ሕሰብዎ፡፡ ዓዲ4 ሪኮንሲደር ገይሩዎ ዝነበረ ስለዝፈሸሎ ናብ ሕርቃን ከምርሕ ይኽእል፡፡ **ሳልሳይ፥** ትግራይ ባይታ ኩናት ትኸውን እንተላ ዓዲ ዕግርግር ትኸውን፡፡ **ራብዓይ፥** እቲ ዝተረፈ እውን ወነን ሓቦን መንነቱ ናብ ነውፂ ስለዝኣትው ናብ ፖለቲካ ምምላስ መፀገሚ ይኸውን፡፡ እዚ ማለት ንቀፃሊ ክትትስእ ኣዝዩ መፀገሚ ይኾውን፡፡ **ሓምሻይ፤** ትግራይ ኣብ ዝህልውዋ ስትራቴጂካዊ ፀወታት ብግዜ ስለዘይትፀዎት ንኣማኢት ዓመታት ዝቀሪ ቁስሊ ክተትርፍ እያ፡፡ ተዘይኾይኑ ምጥፋእና እዩ፡፡
***ረብሓ፦*** ኣፍካ መሊእኻ እትፀውየሉ ረብሓ የለን፡፡

## 2.5 ትግራይ እንታይ ትግበር?

***ሀ.ንመራሕቲ ህወሓት***
ትጋገዩ ኢኹም ዘለኹም፡፡ ሻዕብያ ወ ፋኖ ደፊኦም የእትውኹም ኣለዉ፡፡ ምንም እንተኾነ ዓዲ ደቅኹም እዩ፡፡ ስለዝኾነ ንደገፍቲ ህወሓት በይዛኹም ብስም ደቅኻትኩም ክንልምነኩም፤ ደርሆስያ ብማዕንጣ ደቃ ትፃወት ኣይትግበርዎ፡፡ ህወሓት ኣብቲ ሐዚ ዘሎ ጂኦፖለቲካ ኣሐየልካዮ ኣድከምካዮ ኣብ መወዳእታ ፍልልይ የብሉን፡፡ ህወሓት ብዝተጠናኸረ ቁፅሪ ዋጋ መስዋእትነትና ጥራይ እዩ ዝውሰኽ፡፡ ምኽንያቱ ህወሓት ብኹሉ ስትራቴጂያዊ ፀላኢ ተገይሩ እዩ ዝቑፀር፡፡ ስለዚ ትግራይ ናብ ትሕቲ ህወሓት ኣትያ እተትርፎ ዓሚዩቕ ጥፍኣት ጥራይ እዩ፡፡ ጥራይ እየ ዝብል ዘለኹ! ስለዚ ሕሰብሉ፡፡ ድሓር ትግራይን ዓዲ ደቅኹምን ምስ ጠፍአት ተናሲሕኹምን ሓፊርኩምን ኣይትወፅእዎን፡፡ እቶም ላዕሊ መሪሓም ናብ ኩናት ዝኣትው ዘለዉ ኣይትፍረድሎም፡፡ ኣቀራርፅኦም እዩ፡፡ ንሰኹም እውን ምስኦም ዓቢድኩም ዓድኹም ክተጥፍኡ ድሓር ኣብ ቅድሚ ደቅኹም ወይ ቤተሰብ እውን ዝተዋረድኩም ታሪኽ ኣልቦ ኢኹም ክትኾኑ፡፡ እቶም መራሕቲ እውን ዘለዉ እንተስ ተኣሲሮም እትተስ ተዓሪቆም እንተስ ተሰዊኦም ደቆም ግና ንግዚኡ ኣብ ውሑስ ዓዲ ዘቀመጡ እዮም፡፡

***ለ. ንህዝቢ ትግራይ***
ኣነ ዓርሰኻን ደቅኻን ኣድሕን እየ ዝብል፡፡

***ሐ. ንሊሂቃን ትግራይ***
እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተቀመጡ ፀላእቲ ህወሓት ይኹን ፀላእቲ ትግራይ(ብቀንዱ ኣምሓራን ሻዕብያን ትግራይ መሊኣ ምስ ህወሓት ክትስለፍ እዮም ዝደልዩ፡፡ እቶም ቀንዲ ፀላእቲ ዝኾኑ ሻዕብያን ኣምሓራን ምስቶም ናይ ህወሓት ፀላእቲ(ኣሜሪካን ፖለቲካ ዓዲ4ን) ሓደ ዝገብሮም ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ሓደ ኮይኖም ወይ መሲሎም እንተተራእዩ እዩ፡፡ ሓደ ነገር ክብል ይደሊ፤ ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ሓደ ኮይንካ ተፈላልኻ እትድሕነሉ ግዜ ኣሎ፡፡ እቲ ሓደ ሓደ ግዜ እዋኑ ሐዚ እዩ፡፡ እሞ ሓደ ገይሮም ብምቁፃር ሰማዒ ዘይብሉ ክጥፉኡና ይረብሖም፡፡ ምኽንያቱ ሽዑ ሓደ ኮይኖም ህወሓት ክነጥፍእ ብዝብል ትግራይ መእከቢ ኩሎም ኣካላት ኮይና ትጠፍእ፡፡ ንስኹም፣ ንሕና፣ ፖለቲካ ትግራይ ጠቕሊሉ ትርጉም ዘይብልና ንኸውን፡፡ ትርጉም ናብ ዘለዎ ደረጃ ክልዓል ዘይሕሰብ እዩ ክኾውን፡፡ ስለዚ፡ጸላእትና ዝደልይዎ ጌጋ ኣይንግበር። በይዛኹም!

## *መደምደምታ*

ፀላእቲ ህወሓትን ትግራይን ሓደ ኣይኮኑን፡፡ ፀላእቲ ህወሓት ኮይኖም ማሓዙት ትግራይ ክኾኑ ዝኽእሉ ሓይሊታት ኣለዉ፡፡ እንተኾነ ግና፤ ህወሓት ፀላእቱን ፀላእቲ ትግራይ ዘጣምር ሓይሊ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ኣሜሪካ፣ ሕብረት ኣፍሪካ፣ ብልፅግና ኦሮሞ፣ ብልፅግና ኣምሓራ፣ ሻዕብያ፣ ፋኖ ፀላእቲ ህወሓት እዮም፡፡ ካብዚኦም ኩሎም ስትራቴጂያውያን ፀላእቲ ትግራይ ሻዕብያን ሓይሊታት ኣምሓራን ጥራይ እዮም፡፡ ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ንህወሓት ክብሉ እዮም ትግራይ ዘጥፍእዋ፡፡ ሐዚ እውን እዚ ኣሰላልፋ ኣይተቀየረን፡፡ እዚ ኣብዘይተቀየረሉ ኹነታት ብረት ክፈትሕ ኢልካ ተስማዕሚዕኻ ተመሊስካ ኣይፈትሕን ዝብል ኩሎም ፀሊእቲ መፂኦም ከጥፉኡኻ ባዕልኻ ፍርዲ ምዕላብ እዩ፡፡ ስለዚ ኣነ

# ኣሰላልፋ ሓይሊታት ከባቢናን ትግራይን!?

---

ዝብል ከምቲ ፕረ.ጌታቸው ረዳ ኣብ ናይሮቢ ምስ ቢቢሲትግረኛ ዝበሎ እየ ክብል፡፡ ሽዑ እንትሕተት ስለ ምንታይ ዕጥቂ ክትፈትሑ ተስማዕሚዕኹም ዝብል ተሓቲቱ ዝበሎ ብረት ሒዝና ክነድሕኖ ዘይንኽእል እንተኾይንና ምፍታሕና ግቡእ እዩ ዝብል ነይሩ፡፡ ሐዚ ከምኣ እያ ዘላ!፡፡ ብብረት ዝጠፍእ እምበር ብብረት ዝምለስ ግዝኣት ትግራይ የለን፡፡ እታ ኩናት ድማ ብልፅግና፣ ሻዕብያን ፋኖን ሃህ ኢሎም ዝፅበይዋ ዘለዉ ዕድል እያ፡፡ እቲ ሐዚ ሕብረት ሰሜን ዶ? ሕብረት ሻዕብያ ዶ ፋኖ ዝብሃል ዘሎ 03 ሻዕብያ ኾነ ኢሉ፤ ልምዓት ጉጅለ ህወሓት ድማ ኾነ ተዓሽዩን መማረፂ ስእነትን ዝነዝሕዎ ፕሮፓጋንዳ እምበር ዝተለወጠ ኣሰላልፋ የለን፡፡ ኣሰላልፋ ዘይቀየርካ፤ ዝቅየር ኣሰላልፋ የለን፡፡ ንባዕልኻ ተሸኺልካ ዝቅየር ነገር ምፅባይ ኣይክኣልን፡፡

ሰላም ንኹሉ፡፡

ሰላም ንትግራይ!